
ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية للوحدة الإريترية

DEMOCRATIC FRONT FOR ERITREAN UNITY

# ናይ ሓዘን መግለጺ





**ንዕረፍቲ መምህር ተስፉ ዘውደ**

ንህዝቡን ሃገሩን ምሉእ ዕድሚኡ ኣብ ዘገልግለሉ ህሞት፣ ኣብ ሓጺር ግዜ ብዝሓደሮ ከቢድን መሪርን ሕማም፡ ብዕለት 02.06.2023 ኣብ ከተማ ዳርምሽታት ሃገረ ጀርመን ካብ'ዛ ዓለም ምፍላዩ ምስ ሰማዕና፣ ከም ኩሎም ስድራ-ቤቱን ፈተውቱን፣ ንሕናውን ከም መቃልስትና ኣብ ኣዝዩ ከቢድን ዓሚቕን ሓዘን ንርከብ። ከም መቃልስትና ኣባላት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዞባ ኤውሮጳ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን ንገልጽ።

ተቓላሳይ መምህር ተስፉ ዘውደ፡ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ብምስላፍ እናተቓልሰ ብዝወረዶ መውጋእቲ ስንኪሉ እከሎ'ውን ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ነዊሕ ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ስደት ኣምርሐ። ኣብ ናይ ስደት ሃገር'ውን ጸረ ምልካዊ ጉጅለ ህግደፍ ንምትካል ዲሞክራሲያዊ ስርዓትን፡ ንምንጋስ ሰላምን ፍትሕን ኣብ ኤርትራ ዕዙዝ ግዲኡ ኣበርኪቱ እዩ። ንመሰል ኤርትራውያን ስደተይናታትን ንምውህሃድ ምሕዝነትን ሃገራዊ ሓይንታት ኤርትራን ቀጺሉ'ውን ንምምስራት ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጥን ክሳብ ጉባኤ ባይቶ ኣብ ሃዋሳ እውን ተሳቲፉ እዩ።

ክሳብ'ታ ካብ'ዛ ዓለም ዝተፈልየላ ሰዓት፡ ንጹህ ሃገራዊ ባህግታት ንምርግጋጽ፡ ኣብ ጉዕዞ ቃልስታቱ ክይተሐለለ ደኺመ'ውን ከይበለ፡ ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ብጽኑዕ ሐሚሙ አብ ትሕቲ ጽላል ሕክምና እናተሳቐየ ክነሱ፡ ንሕማሙ ዋጋ ከይሃበ፡ ስኑ ነኺሱ ንሐንቲ ደቂቕ'ውን ትኹን ካብ ቃልሲ ከይቦኸረ፡ ብሓፈሻ አብ ጎኒ ተቃላስይ ህዝቢ ኤርትራ ኰይኑ ካብ ቃልሲ ከይበኾረ ምስ አብ ርሑቅን ቀረባን ዝርከቡ ኩሎም ኣዕሩኹቱን ፈተውቱን ብዘይ ምስልቻው ይዛተን ይመኻኸርን ይምዕድን ይኣልን ነበረ፡፡ መምህር ተስፉ ካብ ናይ ቃልስን ናይ ህይወት ፈተነን ዓዲ ዊዕሉ ኣይፈልጥን። ምብዳህን ምምካትን ባህርያዊ ዕጥቁ ስለ ዝኾነ ብግንባረ-ቀደም ምምካት ድሕር ዘይብል ሓርበይንና ተቃላሳይ እዩ ዝነበረ። መምህር ተስፉ ዘውደ ኣብ ዕላምኡ ጽኑዕ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ፈቃርን ማሕበራዊ ሓላፍነት ዝስከምን፡ ብባህልን ሕግን ዝጸምድ ውፉይ ዲሞክራስያዊ ተቃላሳይ እዩ። ብርግጽ ሰብ መዋታይ ታሪኹ ግን ነባሪ እዩ ከም ዝበሃል ድማ እቲ ሒዝዎ ዝጸንሔ ቅኑዕን ፍትሓውን ዝኾነ ናይ ህዝቢ ቁዱስ ዕላማ፡ በቶም ዝተረፉ አብ ቀልሲ ዘለዉ ህዝብታት ኤርትራ ናብ ፍጹም ዓወት ከም ዝብጽሕ አይንጠራጠርን።

ሽሕ'ኳ ኹቡር ብተቓላሰይ መምህር ተስፉ ዘውደ ብዕለት 02.06.2023 ብምኽንያት ዕረፍቱ ካባና እንተ ተፈልየ፡ ብመንፈስን ሐሳብን ግን ኵሉ ግዜ አብ ጎንና ህሉው እዩ። ዝተቓለሰሉ ዕላማ ኣብ መፍጻምታኡ ንምብጻሕ ድማ ሓደራኡ ንቀበል።

ጽንዓት ንክብርቲ በዓልቲ ቤቱን ንኹሉም ቤተሰቡን ፈተውቱን ብጾቱን፡
ንሓውናን መቃልስትናን መምህር ተስፉ ዘውደ ድማ መንግስተ ሰማይ የዋርሶ።

ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዞባ ኤውሮጳ